## ለበዓ ሕማም ኮቪድ-19 ብኸመይ ንስዕሮ
## (ነቲ ግራፍ ለጠቕ ምባል)

መሓሪ ዘርኢጋብር (ፋርማሲስት)
March 19, 2020

**ንሓደ እተፍቅሮ ሰብ ፍቕርኻ ንኽትገልጸሉ ካብኡ ክትርሕቕ ዘገድድ ስግንጢር ዝመስል ግን ኣገዳሲ ምኽሪ**

ከምዝፍለጥ ነዚ ተላባዒ ሕማም ንምቁጽጻር ዝግበር ዘሎ ጻዕሪ ኣብዚ እዋን ብዙሕ ውጽኢት ኣይተረኸቦን ኣሎ ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣብ ልዕሊ 130 ሃገራት ተዘርጊሑ ይርከብ። እዚ ዝኾነሉ ቀንዲ ምኽንያት ድማ ጠንቂ እዚ ሕማም ዝኾነ ካብ ዓሌት ኮሮና ቫይረስ ካብ ሰብ ናብ ሰብ ብኣዝዩ ቅልጡፍ መንገዲ ይመሓላለፍ ጥራይ ዘይኮነ፡ ሓደ እዚ ቫይረስ ዘለዎ ሰብ፡ ዝኾነ ምልክታት ናይቲ ሕማም ከየርኣየ፡ ንብዙሓት ኣብ ከባቢኡ ዘለዉ ሰባት ክልክም ዘሎ ተኽእሎ ኣዝዩ ልዑል ስለዝኾነን እዩ። ብተወሳኺ እዚ ዓይነት ቫይረስ ኣብ ዓውዲ ዘመናዊ ሕክምና ሓድሽ ከም ምዃኑ መጠን፡ ካብ ምምርማሩ ጀሚርካ ምክልኻሉን ክሳብ ንሕሙማት ጠቕሊልካ ኣብ ምፍዋስ ዘድልዩ ሓበሬታታት ኣዝዮም ድሩታት እዮም። ሽሕ ግዜ እቲ ሓቂ እዚ ይኹን እምበር፡ በዚ ሕማም ዝተታሕዘ ግዳይ ባህርያዊ ሕማም ናይ ምክልኻል ዓቕሙ ተጠቒሙ ካብዚ ለበዓ ጠቕሊሉ ነጻ ክኸውንን ክሓውን ይኽእል እዩ።

ብዙሕ ኣብ ማዕከናት ዜና ዘይንገረሉ ቁጽሪ ዝሓወዩ ሕሙማት ብገምጋም ኣብዚ እዋን ልዕሊ 50% በጺሑ ኣሎ፡ እዚ ማለት ድማ ካብ ሰብ ሞያ ጥዕና ንዝወሃበና ምኽርን ማዕዳን ብኣገባብ ተኸቲልና ነዚ ለበዓ ንምክልኻል ዝከኣል ምዃኑ ኣዝዩ ተስፋ ዝሁብ እዩ።
ልክዕ እዩ ገለ ክፋል ሕብረተሰብ ብውልቂ ብምሕሳብ እዚ ሕማም ከምዘይጸልዎም ክዛረቡ ይስምዑ እዮም። እቲ ሓቂ'ውን ካብዚ ዝርሕቕ ኣይኮነን፡ እንተኾነ ግና ኣብ ዓለም ክሳብ ዝሃለና ብዛዕባ ኣብ ከባቢና ዘለዉ መናብርትና ክንሓስብን ንዕኦም ኣብ ሓደጋ ከይነእቱ ክንሰርሕን ሓላፍነት ከምዘለና ክንዝክርን ይግባእ። ብዙሓት ሰባት ብዝተፈላለየ ምኽንያት ሕማም ናይ ምኽልኻል ዓቕሙም ዝተዳኸመ ከምዘለዉ፡ ብዕድመ ዝደፍኡ ወለዲ ከምዘለዉና፡ ከምኡ'ውን ነዚ ሕማም ንምቅላስ ልዕሊ ዓቕሞም ተመጢጦም ዝሰርሑ ዘለዉ ሰብ ሞያ ጥዕና ከምዘለዉ ብምዝካር እምበኣር፣ ነዚ ለበዓ ንምቅላስ ከም ውልቀ ሰባት ክንወስዶም ዘለና ባዕላዊ ናይ ምውሻብ ስጉምትታት ጥቕሙን ብሕጽር ዝበለ መንገዲ ክንርኢ ክንፍትን ኢና። እዚ ጽሑፍ ካብቶ ብዕለት 17 መጋቢት ኣብ LIVESCIENCE ዝተሓትመ ብራንዶን ስፐክቶር ዝዳለዎ ጽሑፍ መሰረት ጌሩ ዝተተርጎመን፡ ዝረዓመን ጽሑፍ እዩ።

ትርጉም ግራፍ ለጠቕ ምባልን፡ ምቁጽጻር ለበዓ ተመሓላለፍቲ ሕማማትን
ኣብ ዓለም ቅድሚ ሕጂ ብዙሓት ተላባዕቲ ሕማማት ተራእዮም እዮም፡ ብሕጂ ንኽርኣዩ ዘሎ ተኽእሎታት እውን ኣዝዩ ርሒብ ምዃኑ እዩ ዝፍለጥ። እንተኾነ ግና ኣብ ሓደ እዋን ኩሎም ዓይነት ተላባዕቲ ሕማማት ከጋጥሙን ብዙሓት ድማ በዚ ዝርአ ተላባዒ ሕማማት ዝተለኽፉ ግዳያት ክህልዉኻን ኣዝዩ ኣሰካፊ ጥራይ ዘይኮነ ተደላዪ'ውን ኣይኮነን።

ኣብዚ ስእሊ ክልተ ዓይነት (ዝተፈላለዩ ሕብርታት ዘለዎም) ግራፋት ንርኢ። ሓደ ኣዝዩ ውጥም ዝበለ ክኸውን ከሎ እቲ ሓደ ድማ ንታሕቲ ገጹ በጥ ዝበለ እዩ። እቲ ንላዕሊ ውጥም ዝበለ፡ ኣብ ሓጺር እዋን ቁጽሪ ሕሙማት ናይዚ ለብዒ ላዕሊ ክበጽሕ ዘርኢ ክኸውን ከሎ እቲ ንታሕቲ ለጠቕ ዝበለ ድማ ኣብ ዝተናውሐ እዋን ዝሸፍኖም ቁጽሪ ሕሙማት ዘርኢ እዩ። ነዚ ግራፍ ኣብቲ ንታሕቲ ወገን ለጠቕ ዝበለ መልክዕ ሒዙ ዘሎ ንምጥምዛዝ ዝብል ኣምር እምበኣር ብሕጽር ዝበለ ኣገላልጻ፡ ቁጽሪ ሕሙማት ብዓቕሚ ሓንቲ ሃገር (ብዝሒ ሰብ ሞያ ጥዕናን ቀረብ መሳለጥያ ጥዕናን) ክሽፈን ንዝግበር ጻዕሪ ሓጋዚ እዩ።

ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ጥራይ ቁጽሪ ናይቶም በዚ ሕማም ተለኺፎም ዘለዉ ሕሙማት ካብቲ ኣብ ለካቲት 20 ዝነበረ ቁጽሪ (75,000 ሕሙማት) ናብ 150,000 ኣብ መጋቢት 15 ከምዝበረኸ ይፍለጥ። እዚ ካብ ቁጽጽር ወጻኢ እናኾነ ዝመጽእ ዘሎ ለበዓ ናይዚ ሕማም እምበኣር ማዕረይ ኣሰካፊ ምዃኑ ንምርዳእ ይከኣል። ብፍላይ ኣብ ከም በዓል ጥልያን ዝኣመሰላ፡ ካብ ቻይና ወጻኢ ኣዝዩ ልዑል ለበዓ

ዘጋጠመን ሃገራት ዝርአ ዘሎ ዝርግሐ እዚ ሕማም እቲ ቁጽሪ ብኣዝዩ ዝተዓጻጸፈ ናህሪ ይኸይድ ምህላውን ኣብ ውሽጢ ኣርባዕተ መዓልታት ጥራይ (ካብ መጋቢት 11-15) ካብ 10,000 ናብ 20,000 ከምዝደየበ ንርኢ።

ከም ሳዕቤኑ ድማ እዚ ቅልጡፍ ዕብየት ለበዳ ዘኸትሎ ዘሎ ጻዕቂ ሕሙማት ገለ ሕጹጽ ሓገዝ ዝህባ ትካላት ጥዕና ሓደሽቲ ሕሙማት ንኽይቕበላ ምዕጾአን ንኽዓጽዋ ይድርኸን ከምዘሎ እዩ ዝሕበር። ብተወሳኺ ድማ ቀረብ መሰረታውያን ሃለኽቲ ነገራት ኮነ ናይ ሕክምና መሳርሒታት ከምኡ'ውን ቁጽሪ ሰብ ሞያ ጥዕና ካብ ዕለት ናብ ዕለት እንዳሰሓወ ክኸይድ ይርአ ኣሎ። ነዚ ሕጽረት ንምሽፋን ብዙሕ ጻዕሪ ይግበር እኳ እንተሃለወ፡ ዛጊት ውጽኢታዊ ኣይኮነ ጥራይ ዘይኮነ ከምሳዕቤኑ መጠን ሞት ግዳያት ናይዚ ሕማም ክውስኽ ይርአ ኣሎ። ንኣብነት ኣብ ጥልያን ተመዝጊቡ ዘሎ ናይ 7% መጠነ ሞት ካብቲ ብዓለም ደረጃ ስጋብ ሕጂ ተመዝጊቡ ዘሎ ብዕጽፊ ይዛይድ።
ሰብ መዚ ጥዕና ዝተፈላለያ ሃገራት ከምዝገልጽዎ እዚ ለበዳ ናይ ኮቪድ-19 ክቐጽል ከምዝኸነን ኣብ ሓጺር እዋን ድማ ኣብ መላእ ዓለም ብሚልዮናት ዝቑጸሩ ሰባት ክልከፉ ተኽእሎ ከምዘሎ እዮም ዝሕብሩ። ብኣንጻሩ፡ እዚ ኣብ ጥልያን ኣጋጢሙ ዘሎ መጠን ለበዳ ናይዚ ሕማም ዘነጽሮ ሓደ ሓቂ እንተሃልዩ ግና ካብ ዓቕሚ ናይ ሓንቲ ወጻኢ ክኸውን ዘሎ ተኽእሎ ኣዝዩ ርሒብ ምዃኑ እዩ። እዚ ማለት ሕሙማት ንምእላይ ሕሙማት ዘድሊ መደቀሲ ዓራትን ካልእ ሃለኽቲ ነገራትን፡ ከምኡ ድማ ብዝሒ ሰብ ሞያ ጥዕናን ኣዝዩ ድሩት ብምዃኑ እዩ።
ኣብ ሕክምና ብዛዕባ ዝርግሐ ሕማማት ዘጽንዕ ዓውዲ፡ መልከፍቲ ናይ ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ተላባዕቲ ሕማማት ብምቕናስ ውሑዳት ውጹዓት ጥራይ ኣድላዩ ዝኾነ ሕክምናዊ ሓገዝ ንኽረኽቡ ንምግባር እንጥቀመሉ ሜላ "ነቲ ግራፍ ለጠቕ ምባል" (flattening the curve) ተባሂሉ ይጽዋዕ። ብመሰረት እዚ ሜላ እየን እምበኣር ብዙሓት ሃገራት ነቲ ኣብዚ እዋን ከም እንኮ ኣማራጺ ተወሲዱ ክስርሓሉ ዝጸዓር ዘሎ ርሒቀትካ ናይ ምሕላው ኣገባብ ዘተባብዓ ዘለዋ። እዚ ኣገባብ፡ ንዝተወሰነ እዋን ኣብ መንገሪ ገዛኻ ተዓጺኻ ከምእትጸንሕ ዝሓትት እዩ። እዚ ኣገባብ ቀላ'ውን ኣብተን ኣብዚ እዋን በዚ ለበዳ ናይዚ ሕማም ብዙሕ ዘይተተንከፋ ዝመስላ ከባቢታት ክስርሓሉ ይርአ ኣሎ። ንኣብነት ሰሜናዊ ካሊፎርንያ 6.7 ሚልዮን ህዝቢ ብምኽንያት እዚ ውሳኔ ተጸልዩ ይርከብ።
ብዛዕባ እዚ ግራፍ ክንፈልጦ ዝግበኣና እምበኣር፦
እዚ ግራፍ እንታይ ማለት እዩ፧
እዚ ግራፍ ኣብ ዝተወሰነ እዋን ክልከፉ ዘለዎም ብዝሒ ሕሙማት ብመንጽር ናይ ግዜ ገደብ የርእየና። እዚ ግራፍ ብዝሒ ልኹፋት ናይዚ ሕማም ንምግማት ዝሕግዘና ኮይኑ ፡ ብልክዕ ክንድኡ ሕሙማት ክልከፉ እዮም ዝብል መደምደምታ ክንህብ ግና ዘኽእለና ኣይኮነን። እዚ ግምታዊ መልከፍቲ ዝህብረናን መጠን ለበዳ ናይ ተላባዕቲ ሕማማት ንምጽናዕ እንጥቀመሉን ኣገባብ እዩ።
ቅርጺ ናይዚ ግራፍ (ስእሊ 2 ርአ) መጠን ለበዳ ናይ ሕማም መሰረት ብምግባር ዝተፈላለይ ቅርጺ ክሕዝ ይኽእል።
እቲ ቀዳማይ ተኽእሎ፡ እዚ ግራፍ ኣዝዩ ንላዕሊ ዊጥ ዝበለ ምስ ዝኸውን እዩ። እዚ ማለት ድማ እዚ ተላባዕ ሕማም ኣብ ውሽጢ ሓጺር እዋን ብዙሓት ግዳያት ክለክፍ ከሎ እዩ። ኣብዚ ቁጽሪ ሕሙማት ኣብ ውሱንን ሓጺርን እዋን ብዝተዓጻጸፈ ይድይብ ከምዘሎ የርእየና። ከም ውጽኢቱ ድማ እዚ ሕማም ኣብ ውሽጢ ሓጺር እዋን ኣዝዮም ብዙሓት ግዳያት ብምልካፍ ኣብቲ ዝለዓለ ጥርዙ ይበጽሕ። ኣዝዩ ቅልጡፍ ምብራኽ ዘርእዩ ሕማማት፡ ብተመሳሳሊ መንገዲ ኣዝዩ ቅልጡፍ ብዝኾነ ፍጥነት ንታሕቲ ክንቁቱ ይረኣዩ። እዚ ማለት ድማ ኣብ ሓጺር እዋን ቁጽሪ ሕሙማት ይወርድ ኣሎ ማለት እዩ።
እዚ ቅልጡፍ ምብራኽ ቁጽሪ ሕሙማት እምበኣር ኣብ ትካላት ወሃብቲ ኣገልግሎት ጥዕና ጸቕጢ ብምፍጣር፡ ግዳያት ንምፍዋስን ምክንኻንን ካብ ዓቕመን ወጻኢ ኣገልግሎት ንኽቕርባ የገድድ። ኣብ ጥልያን ከምዝተረአየ ድማ ብዝሒ ዘለዎም ሕሙማት እቲ ኣድላዪ ዝኾነ ሕክምናዊ ሓገዝ ንኸይረኽቡ ይዕንቅጽ። እዚ ነቶም ኣዝዮም ዝተወጽዑ ግዳያት ኣገልግሎት ንኸይረኽቡ ይገብር። ኣብ ከምዚ ዝበለ እዋን እምበኣር እዚ ብደረጃ ዓለም ዝጸሉ ለበዳ ሕማም፡ ወሃብቲ ኣገልግሎት ጥዕና ናይ መሰረታውያን ሃለኽቲ ነገራት ቀረብ ኮነ ዓቅሚ ሰብ ሞያ ጥዕና ንኽውሕደን የቃልዕ።

እቲ ካልኣይ ግራፍ (ስእሊ 2 ርአ) ብመሰረቱ ብዝሒ ጠቕላል ቁጽሪ ግዳያት ናይዚ ተላባዒ ሕማም

ማዕረ ዝኾነ ግምት ዝሀብ ኮይኑ፡ ኣብ ቅርጺ ግና ንታሕቲ ለጠቕ ዝበለ እዩ። እዚ ለጠቕ ምባል ናይዚ ግራፍ እምበኣር፡ እቲ ግምታዊ ብዝሒ ልኹፋት ኣብ ዝተናውሐ ግዜ ከጋጥም ዘሎ ተኽእሎታት ንምሕባር የገልግል። እዚ ድማ ቅልጣፈ መልከፍቲ ናይዚ ሕማም ኣዝዩ ታሕቲ ምዃኑ ይነግረና። እዚ ትሑት ቅልጣፈ መልከፍቲ እምበኣር ነቲ ኣብ ትካላት ወሃብቲ ኣገልግሎት ጥዕና ከጋጥም ዝኽእል ብድሆታት ኮነ ሕጽረታት ኣብ ምጉዳል ዓቢ ተራ ኣለዎ። ከም ውጽኢቱ ድማ እዘን ትካላት ወሃብቲ ኣገልግሎት ጥዕና ንዝቕበላኦም ሕሙማት ንምእንጋድ ርሒብ ዝኾነ ግዜን ዓቕምን ስለዘለውን፡ ኣገልግሎት ከይረኸቡ ዝምለሱ ሕሙማት ኣይህልዉን።

ነዚ ሓሳብ ንምርዳእ እምበኣር ኣብ እንሰርሓሉ ትካል ዘሎ ዓይኒ ምድሪ ከምኣብነት ንውሰድ ይብል “ቻርለስ በርኩስት” ኣብ ሳይንስ ፍራይደይ (Science Friday) ዝጸሓፎ መልእኽቱ። ዓይኒ ምድሪ ንምጥቃም ኩሎም ሰራሕተኛታት ኣብ ሓደ እዋን ክኸዱ ምስዝደልዩ ኣብቲ ዓይኒ ምድሪ ምጽቕቓጥን ምጽባይን (ካብኡ ሓሊፉ’ውን ዘይተድደለየ ምጭንናቕ) ክኸትልን ከሎ፡ በንጻሩ ግና እዞም ሓደ ብዝሒ ዘለዎም ሰራሕተናታት ናይዛ ትካል ኣብ ዝተረሓሓቐ (ዝተፈላለየ) እዋን ምስዝኸዱ ካብዚ ንዝዛእ ርእሶም፡ ከባቢኦምን መሳርሒቶምን ካብ ምጭንናቕ የገላግሉ። ነፍሲ ወከፍ ሰራሕተኛ ድማ ብኣገባብን ከምዝድለን ተጠቃሚ ናይቲ ዓይኒ ምድሪ ይኸውን።
ብኸመይ ኣገባብ ኢና እምበኣር ነዚ ግራፍ ለጠቕ ከምዝብል እንገብሮ፧

ኣብዚ እዋን ነዚ ኮቪድ-19 ተባሂሉ ዘሎ ሕማም ንምኽልኻል ዝኾነ ይኹን ክታበት ወይ’ውን ንምፍዋሱ ዝሕግዝ መድሃኒት ከምዘየለ እዩ ዝሕበር። እቶም ኣብ መስርሕ ምምዕባል ዘለዉ’ውን እንተኾኑ ኣብ ኣገልግሎት ንኽውዕሉ ዝተወሰነ ግዜ ምጽባይ ከምዘሎ ብዘይፍልጠት ክንከውን ኣይግባእን። ብተወሳኺ፡ ብዙሓት ሃገራት ሕሙማት ንምልላይ ዝግበር ናይ ምምርማር ዓቕመን ድሩት ምኻኑ እየን ዝሕብራ። ስለዚ ነዚ ሕማም ንምቅላስ እቲ እንኮን ምርጫ ሓባራውን ዝኾነ ስጉምቲ መልከፍቲ ምቁጽጻር ምዃኑ እዮም ሰብ መዚ ምቁጽጻር ተመሓላለፍቲ ሕማማት ዝሕብሩ። እዚ ማለት ግቡእ ዝኾነ ምሕጽብ ኣእዳው፡ ምውጋድ ምንቅስቓስ (ምልክታት ሕማም ምስ ዝስመዓና ወይ መልከፍቲ ምስእንጥርጥር ድማ ባዕላዊ ውሸባ ምኽታል)፡ ኣብ ህዝባዊ ቦታታት ድማ ርሕቀትካ ምሕላውን ኣገዳሲ ኣብዝኾነሉ እዋን ጥራይ ምንቅስቓስን እዩ።

ነዚ ተግባራዊ ንምግባር እዩ ድማ ብዙሓት ኣብያተ ትምህርትን ወሃብቲ ህዝባዊ ኣገልግሎታትን ከምዝዕጸዋ ዝተገብረ። እንተተኻሊሉ ድማ ኣብ መንበሪ ገዛኻ ኮይንካ ክሰራሕ ዝከኣሉ ነገራት ከም ኣማራጺ ምውሳድ ዓቢ ቦታ ካብ ዝወሃቦም ውሳኔታት እዮም። ብመሰረት ኣብ መጋቢት 15 ዝወጸ መምርሒ ሰብ መዚ ምቁጽጻር ተመሓላለፍቲ ሕማማት (ሕ.መ.ኣ) ንዝመጽእ ክልተ ወርሒ ተግባራዊ ዝኸውን፡ ኣብ ሓደ ቦታ ካብ 50 ሰባት ንላዕሊ ከይእከቡ ዝምዕድ መምርሒ ኣመሓላሊፎም ኣለዉ። ነበርቲ ካብ ገዝኦም ንኸይወጹ፡ ኣገደስቲ ነገራት (መግቢ ወይ መድሃኒት) ምስዘድልዮም ጥራይ ክንቀሳቐሱ ከምዘለዎም ድማ ይምዕዱ።

ነዚ ግራፍ ለጠቕ ከምዝብል ምግባር ሓጋዚ ውጽኢት ይርከቦ’ዶ፧

እዚ ኣገባብ (ግራፍ ለጠቕ ምባል) ነቲ ኣብ 1918 ዝተራእየ ብጉንፋዕ ስፓኛ ዝፍለጥ ዓለማዊ ተላባዒ ሕማም ኣብ ምቁጽጻር እወታዊ ውጽኢት ተረኺብዎ እዩ። ነዚ ንምብራህ ክልተ ዝተፈላለያ ናይ ሕ.መ.ኣ ከተማታት ዝተኸተልኦ ኣገባባት ክንርኢ ይከኣል እዩ፡ ፊላደልፍያን ቅዱስ ሉዊስን (Philadelphia and St. Louis)።ድሪው ሃሪሶን ካብ ዩኒቨርሲቲ ቶማስ ጀፈርሰን ነዚ ፍልልያት ክገልጽ ከሎ፡ ናይ ከተማ ፊላደልፍያ ሰበ ስልጣን ነቲ ኣብቲ እዋን ካብ ክኢላታት ተላባዕቲ ሕማማት ዝተዋህቦም ማዕዳ ዕሽሽ ብምባል፡ ህዝቢ ድማ ከም ናይ ቀደም ልማዶም ኣኼባታትን ሰልፍታትን ኣብ ብምእንጋድ ብዝሒ ግዳያት ናይቲ ለበዳ ክዛይድ ጠንቂ ከምዝኾኑን ይሕብር። ከም ውጽኢቱ ድማ፡ ካብ 48 ክሳብ 72 ኣብ ዘሎ ሰዓታት ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ሕሙማት ግዳይ ሞት ክኾኑ ከለዉ፡ ኣብ ውሽጢ ሽዱሽተ ኣዋርህ ብጠቕላላ 16,000 ሕሙማት ግዳይ ሞት ኮይኖም።

በንጻሩ ሰበ ስልጣን ከተማ ቅዱስ ሉዊስ (St. Louis) ብህጹጽ ርሕቀትካ ምሕላው ንዝብል ማዕዳ ተግባራዊ ንምግባር ኣብያተ ትምህርቲ

ክዓጽዉ፡ ዘየድሊ መገሻታትን ምንቅስቓሳትን ከወግዱ ከምኡ ድማ ጽሬት ምዝውታር ከተባብዑን ብምኽኣሎም ቁጽሪ ግዳያት ሞት 2,000 ከምዝተመዝገበ ይፍለጥ። ቁጽሪ ናይቶም ኣብዛ ከተማ በዚ ሕማም ዝሞቱ ግዳያት ከባቢ 10% ካብ ኣብ ክልቲኤን ከተማታት ዘጋጠመ መጠነ ሞት ጥራይ እዩ ተመዝገበ። በዚ መሰረት እምበር እዛ ከተማ በዚ ዕውት ኣካይዳ ስጋብ ሕጂ ትዝከር።



